# ንውቕባ ዝሓተቱ ዓበይትን ንስድራቤታት-ቈልዑን ዝምልከት ሓበሬታታት ብዛዕባ ግዜታት ትጽቢት

## ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ሕጂ ጸሚድሎም ዘለው ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፦

መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባኣም ንክረኽቡ ነዊሕ ዝተጸበዩ ሓያሎ ሓተቲ ዑቕባ ኢዮም ዘለዉና። ምጽባይ ከቢድ ከም ምኻኑ ዘይርድኣና ኣይኮነን። ስለዚ ኢና ድማ እቶም ኣዝዮም ዝገደሙ ጉዳያት ሕጂ ተታሓሒዝና ንሰርሓሎም ኣለና።

ጌና ርኢና ዘይወድኣናዮም ገለ ጉዳያት ናይ ዓመተ 2022 ተሪፎምና ኣለዉ። እንተድኣ ሓደ ካብዞም ናይ ዓመተ 2022 ኰይንካን መልሲ ጉዳይካ ዘይመጻካን ኰይንካ፡ ኣብ ጉፋይካ ዝያዳ ምምጽራያት ነካይድ ኣለና ዝብል ሓበሬታ ብደብዳበ መጺኡካ ኣሎ። እንተድኣ ደብዳበ ዘይመጻካ ኰይኑ መልሲ ጉዳይካ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክመጽኣካ ኢዩ።

ካብ ናይ ዓመተ 2023 ዝመጽኡ ሓተቲ ዑቕባ ጌና ዘይርኣናዮምን መልሲ ዘይረኸቡን ጌና ብዙሓት ኢዮም ዘለው። ካብዞም ናይ 2023 ኣስታት 1200 ዝኾኑ ጌና ዘይርኣናዮም ኣለውና። እዞም ጉዳያት እዚኦም ኢና ሕጂ ንርእዮም ዘለና። እቶም ኣቐዲሞም ዝመጹን ዝገደሙን ጉዳያት ኢና ብቐዳምነት ሰርዒና ንርእዮም ዘለና።

ሓያሎ ካብቶም 1200 ዝኾኑ ጉዳያት ናይ 2023 ጉዳያት ዜጋታት ሶርያውያንን ካብ ሶርያ ንዝመጹ መንግስተ-ኣልቦ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባን ኢዮም። እዞም ጉዳያት ኣዚኣቶም ሕጂ ርኢና ኣይንውስኖምን ኢና፡ ስለዚ ድማ ካብ ሶርያ ንዝመጽኡ ሓተቲ ዑቕባ መልሲ ጉዳዮም ክሳብ ዝረኽቡ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክጽበዩ ክግደዱ ኢዮም። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ብዝስዕብ ተመልከት።

## ሕቶ ጉዳያት ሶርያውያን

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንሕቶ ጉዳያት ዜጋታት ሶርያውያንን ሶርያውያንን ካብ ሶርያ ንዝመጽኡ መንግስተ-ኣልቦ ዝኾኑ ሓተቲ ዑቕባን ንክርኣዩን ክውሰኑን ንክጸንሑ ወሲኑ ኣሎ።. ሓያሎ ካልኦት ኤውሮጳውያን ሃገራት እውን ተመሳሳሊ ውሳኔ ኣሕሊፈን ኣለዋ። እዚ ማለት ከኣ ሶርያውያን ጉዳያቶም ዝርኣየሉን ዝውሰነሉን ግዜ ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስደሎም ብምኳኑ ትጽቢት ግዜ እውን ይናዋሕ ኣሎ ማለት ኢዩ።

ኩሎም ዑቕባ ንዝሓተቱ መልሲ ጉዳያቶም ክወሃቦም ኢዩ። ጉዳያት ሶርያውያን ምራኣይን ምውሳንን ምስ ጀመርና ዝተሓደሰ ሓበሬታ ሒዝና ክንምለሰኩም ኢና።

ግዜታት ትጽቢት ንከይነውሕ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ብዝከኣሎ ኢዩ ዝጽዕር ዘሎ። ኣብ ምንታይ ጸሚድናን ኣበይ በጺሕናን ከም ዘለና ስሩዕ ዝተሓደሰ ሓበሬታታት በብእዋኑ ንሓተቲ ዑቕባ ክንህብ ኢና።

## ስለምንታይ ኢዮም ካልኦት ኣቐዲሙ መልሲ ዝወሃቦም፧

ዑቕባ ዝሓተቱ ብዙሓት ኢዮም። ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ዘዝመጽኡ ጉዳያት ሽዑ ንሽዑ ብሓንሳእ ርእዩ ክውድኦም ኣይክእልን ኢዩ። ጉዳያት ሕቶ ናይ ገሊኦም ጉጅለታት ብዝቐልጠፈ ተራእዩ ክውዳእ ዘለዎ ኣሎ። እቶም ብዝቐልጠፈ ክውድኡ ዘለዎም ጉዳያት ከምዞ'ም ዝስዕቡ ጉዳያት ዝኣመሰሉ ክኾኑ ይኽእሉ፡

- ብመሰረት ሕጊ ደብሊን ዝርኣዩን ዝውሰኑን; ኣብ መብዛሕቲኡ ኣጋጣሚታት ናብ እትሕተተሎም ኤውሮጳዊት ሃገር ብምኻድ ጉዳዮም ንክርኣየሎም ዝግደዱ ጉዳያት ዝኣመሰሉ፡

- ብመነጽር ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ዑቕባ ኣየድልዮምን ኢዩ ዝብሎም ንጹራት ጉዳያት፡ ከም ንኣብነት ብምኽንያት ካብ ቅሳነት ዝሰፈና ሃገር ብምምጽኦም
- ሕቶ ጉዳያት ስድራቤታት-ቈልዑ፡ ሕቶ ጉዳያት ብዘይ ወለዲ ወይ ኣለይቲ ንዝመጽኡ ቈልዑ፡ ከም ልሙድ እዞም ዓይነት ጉዳያት እዚኣቶም ብዝቐልጠፈ ኢዮም ተራእዮም ክወሰኑ ዘለዎም።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንኩሎም ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ሃገራዊ መቐበል ማእከል/Nasjonalt ankomstsenter ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን ከም ዝከኣል መጠን ንመብዛሕቲኦም ቃለመሕተት እውን የካይደሎም ኢዩ። ኣብ ዝተናውሐ ንግዜ ትጽቢት ንምንካይ ዝዓለመ ግደ ስለ ስለ ዘለዎ ኢዩ። ብቐዳምነት እንሰርሖም ጉጅለታት ኢና ድማ ኣቐዲምና ቃለመሕተት እነካይደሎም።

እንተድኣ ካብቶም ብቐዳምነት ዘይስርዑ ጉጅለታት ኰይንካ፡ ንቃለመሕተት ንክትጽዋዕን ክትመጽእን ጉዳይካ ንክርኣን ነዊሕ ግዜ ክወስደልካ ይኽእል ኢዩ። ጉዳይካ ኣበር ስለ ዘለዎ ወይ ከኣ ስለ ዝረሳዕናዮ'ዩ ማለት ግና ኣይኰነን።

# ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንጉዳይካ ብኸመይ'ዩ ርእዩ ዝውስኖ፧

## ኣብ ሃገራዊ መቐበል ማእከል/Nasjonalt ankomstsenter እንታይ'ዩ ዝካየድ፧

ኩሎም እቶም ኣብ ኖርወይ ዑቕባ ዝሓቱ ሕቶ ዑቕባኦም ኣብቲ ሃገራዊ መቐበል ማእከል/Nasjonalt ankomstsenter ኣቐዲሞም ብምምልካት ከመዝግቡ ኣለዎም። ኣብቲ ሃገራዊ መቐበል/Nasjonalt ankomstsenter ዝጽንሓሉ ግዜ ሓጺር ኢዩ፡ እቲ ምኽንያት ንሓደሽቲ መጻእቲ ሓተቲ ዑቕባ ቦታ ንምርካብ ወይ ንምግዳፍ ዝዓለመ ብምዃኑ'ዩ። ዕላማ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ነንዝመጹ ሓተቲ ዑቕባ፡ ንመብዛሕቲኦም ካብዚ ሃገራዊ መቐበል ማእከል ከይከዱ እንከለው  ቃለመሕተት ከካይደሎምን ጉዳዮም ንክርእዮን ንክውስኖን ኢዩ። እዘን ዝሓለፉ መወዳእታ ዓመታት ሓያሎ ሓተቲ ዑቕባ ክመጽኡ ስለ ዝጸንሑ፡ ዕላማና ክንወቅዕ ኣይከኣልናን። መብዛሕቲኦም ናብ ስሩዕ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ክግዕዙን ንቃለመሕተት ንክጽውዑን ጉዳዮም ክርኣየሎምን መልሲ ክሳብ ዝመጽኦምን ድማ ኣብቲ መዓስከር ክጸንሑ ይገደዱ።

ንስኻ ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን፡ ኣብቲ ሃገራዊ መቐበል/Nasjonalt ankomstsenter ቃለመሕተት ንከተካይድ ክትመርጽ ወይ ጽልዋ ከተሕድር ኣይትኽእልን ኢኻ። ከከም'ቲ ምሳኻ ዝመጽኡ ብዝሒ ሓተቲ ዑቕባ'ዩ ዝውስኖ።

ኣብ ሃገራዊ መቐበል/Nasjonalt ankomstsenter ቃለመሕተት ከየካየድካ ናብ ስሩዕ መዓስከር ክትግዕዝ ምስ እትግደድ፡ ክሳብ ንቃለመሕተት ትጽዋዕን መልሲ ሕቶ ጉዳይካ ዝመጽኣካን ነዊሕ ግዜ ክወስድ ከም ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው ክትዳለወሉ ዘለካ ኢዩ።

እትቕመጦ መዓስከር ንግዜ ትጽቢትካ ግደ ዘለዎ ኣይኮነን። ኣብ ብሕታዊ ኣድራሻ ኣብ ካልእ ቦታ ምስ እትቕመጥ፡ መታን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንቃለመሕተት ክጽውዑኻን መልሲ ጉዳይካ ንክህቡኻን ብቐሊል ንክረኽቡኻ እቲ ብሕታዊ ኣድራሻኻን ቍጽሪ ስልክኻን ካልእ መወከሲኻን ክትሕብር ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

## እናተጸበኻ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንጉዳይካ እንታይ ይገብርዎ፧

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነት ኣብ ዝቐበለሉ፡ ክሳብ ተሓዝቲ-ጉዳይ ግዜ ረኺቦም ዝርእይሉን ዝውስንዎን ኣብ መስርዕ ኢና ነጽንሖ። እዚ ማለት ከኣ ክሳብ ንቃለመሕተት እትጽውዓሉ ግዜ ጉዳይካ ፍሉጥ ተሓዝ-ጉዳይ ኣይፍለየሉን ኢዩ። ይኹን ድኣ'ምበር ንርስዖ ጉዳይ የብልናን።

## ንቃለመሕተት ክሳብ እትጽዋዕ ነዊሕ እትጽበየሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ፧

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንሕቶ ጉዳይ ዑቕባነትካ ክግምግሞ እንተድኣ ኰይኑ ቃለመሐተት-ዑቕባነት ንክካየደልካ ግድን ኢዩ። ዑቕባ ከም ዘድልየካ እትገልጸሉ ኣውራ ኣገዳሲ ዝኾነ ዕድል ኢዩ። ብወገን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት እኹል ግዜ ኢዩ ዝፍለየሉ፡ ንነፍሰ-ወከፍ ጉዳይ ድማ ሓያል ኣወጣጥናን ዓቕምን ኢዩ ዝሓትት። ስለዚ ኢዩ ኸኣ ንኖርወይ ዘዝመጽኡ ቃለመሕተት ንክካየደሎም ግዜ ዝበልዕ።

## ቃለመሕተት ድሕሪ ምክያድካ መልሲ ንክመጽኣካ ዝወስደሉ ግዜ ክንደይ ኢዩ፧

ኣብ መብዛሕቲኦም ጉዳያት ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ቃለመሕተት ምስ ኣካየደ ቀልጢፉ መልሲ ክህብ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ገለ ገለ እዋናት ግና ንክነጻርዮ ዝያዳ ግዜ ከነጥፍኣሉ ንግደድ። ገለ ካብቲ ናይቲ ጉዳይ ዝኾነ ሓበሬታታት ብዝያዳ ጥብቕ ኢልና ክንርእዮ ዘድልየና ክኾውን ይኽእል፡ ወይ እውን ቀቅድሚ እቲ ጉዳይ ርኢና ውሳኔና

ምሕላፍና ብዛዕባ ኩነታት ሃገርካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታታት ዘድልየና ክኾውን ዝኽእል’ዩ። ብኡኡ ምኽንያት ድሕሪ ቃለመሕተት ምስ ተኻየደ መልሲ ንክመጽኣሉ ዝወስደሉ ግዜ ንውሕ ዝበለ ክኾውን ይኽእል። ብዝኾነ ኾይኑ ግና መልሲ ዘይወሃብ ኣይክህሉን ኢዩ።

## ብወገንካ ክትገብሮ ዘድልየካ ኣገዳሲ ዝኾነ እንታይ’ሎ፧

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኰይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ።

- መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዩካ ኰይኑ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ፡ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኢኻ ክትሰዶም ዘለካ።

ቅድሚ ቃለመሕተት ምክያድካ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኩሎም ሰነዳት ጉዳይካ ክህልውዎ ኣገዳሲ ኢዩ። ሰነዳትካ ኣቐዲምካ ብምርካብ ጉዳይካ ካብቲ ዘድሊ ንላዕሊ ግዜ ንከይወስደሉ ግደኻ ተበርክት ኣለኻ ማለት ኢዩ።

## ብዛዕባ ግዜታት ትጽቢት ብዝምልከት ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት እንታይ ዓይነት ሓበሬታታት ክህበካ ይኽእል፧

ብዛዕባ ጉዳዮም ክሳብ መዓስ ክጽበዩ ከም ዘኽኣሎም ዘሎ ግዜ ትጽቢት ክንደይ ከም ምኳኑን ንክሓታትቱ ይውከሱና ኢዮም። ካብቲ ኣብ ገጽ መርበብ ሓበሬታና ኣብ udi.no ዘሎ ሓሊፉ ካልእ ብተሌፎን ክንህቦ እንኽእል ሓበሬታ ግዜታት ትጽቢት የለን፡ ማለት ካብዚ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ሰፊሩ ዘሎ ንላዕሊ እንህቦ ተወሳኺ ሓበሬታ የለን ማለት’ዩ።

### እቶም ኣብቲ ናይ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ኣገልግሎት ሓበሬታ ዝምልሱ ሰባት ኢዮም ንጉዳያት ዝርእዩን ዝውስኑን።

ንጉዳይካ ንምርኣይን ንምውሳንን ተወሳኺ ሓበሬታታት ዘድልየና እንተድኣ ኰይኑ፡ ክንውከሰካ ኢና።

መታን ከም ዝከኣል መጠን ብብዝሒ ጉዳያት ተራእዮም ንክውሰኑ ግዜ ንምርካብ፡ ኣገልግሎት ሓበሬታ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDIs Veiledningstjeneste) ሮቡዕ-ሮቡዕ ዕጽው ኢዩ።

### ሕቶ ጉዳይካ ካብ መስርዑ ንቕድሚት ክሓልፍ ይኽእል ድዩ፧

መብዛሕቲኦም እቶም ኣብ ኖርወይ ዑቕባ ዝሓቱ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነቶም ኣብ ዝቐልጠፈ ክርኣየሎምን ክውሰነሎምን ኢዮም ዝደልዩ። ሕቶ ጉዳይካ ብቐዳምነት ተሰሪዑ ንቕድሚት ክሓልፍ እንተኾይኑ፡ ኩነታት ጉዳይካ ብጭራሽ ፍሉይ ዝኾነ ገለ ነገር ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ።

### ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 1 መስከረም 2025 ኣትሒዞም ዝምልከቱ’ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንዕለት 1 ታሕሳስ 2025 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣብ መንጎ ይሕደስ።